ብስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፣ ኣሓዱ ኣምላኽ፣ ኣሜን።




**<u>ቅድስት ማርያም ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ በይ ኤርያ</u>**

<u>ST. MARY ERITREAN ORTHODOX CHURCH BAY AREA</u>

<u>301 DOWLING BLVD SAN LEANDRO, CA 94577. PHONE 510-593-3819.</u>


## ዓመታዊ በዓል ቅድስቲ ማርያም ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ በይ ኤርያ ብድምቀት ተኽቢሩ።

ካብ ዝተፈላለየ ክፍልትታት ኣመሪካ ተዓዲሞም ብዝመጹ፡ ብብፁእ ኣቡነ መቃርዮስ ዝምርሑ ብርክት ዝበሉ ሊቃውንቲ ኣቦታትን ብብዝሒ ምእመናን ብክብ ዝበለ ፍስሓን ሓጎስን ዝተጸንበለ ናይ ኣዴና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ኣስተርእዮ፡ ካብ ዓርቢ ክሳብ ሰንበት (የካቲት/February 01-03/ 2013 (ጥሪ ፳፬-፳፮, ፳፻፭ ዓ.ም. ግእዝ) ዝተፈላለየ መንፈሳዊ መደባት ሓቍፉ ኔሩ። ኣብቲ ብኣስታት 1.4 ሚልዮን ዶላር ዝተገዝአ ሓድሽ ህንጻ ሎሚ ንሳልኣይ ግዜ ዝብዓል ዘሎ በዓል ኣስተርእዮ ቅ. ማርያም ብብዙሒ ህዝቢ ኣብ ርእሲ ምድማቑ፣ ኣብ ገጽ ዕዱምን ኣባላት ቤተክርስትያንን ዝንበብ ዝነበረ ፍስሓን ሓጎስን ፍሉይ ኔሩ።

ኣብ ዕለተ ዓርቢ ምሸት ብዋዜማ፣ ቀዳም ካብ ወጋሕታ ከኣ ብስብሓታት ዝተጀመረ ክብረ በዓል ቅድስት ማርያም በይ ኤርያ፣ ኣብ ግዜ ቅዳሴ ሓደ ካብቶም ኣብ ስደት ተወሊዶም ቤተክርስትያኖም ንምግልጋል ብፍሉይ ትግሃቱን መንፈሳውነቱን ኣርኣያ ዝኾነ መንእሰይ ተመስገን ወልደሚካኤል ንማዕርግ ንፍቅ ዲያቆን "ይደልዎ" ብምባል ብብፁእ ኣቡነ መቃርዮስ ተባረኸ። ብድሕሪ ቅዳሴ ህጻናት ዝተማሃርዎ ትግርኛን እንግሊዘኛን ጸሎትን መዝሙርን ኣቕሪቦም። ቀጺሎም ቤት ትምህርቲ ሰንበት መዛሙር ከቕርቡ ከለዉ ምእመናን ሓቢሮም ምስ ደቆም ብምዝማር ንኣምላኾም ከመስጉንን ኪውድሱን ኣርፊዶም። ብፁእ ኣቡነ መቃርዮስ፡ ብዛዕባ ኣደ ኣምላኽን ኣደ ኩላትናን ዝኾነት፡ መልእልተ ፍጡራን መትሕተ ፈጣሪ ቅድስት ድንግል ማርያም **"ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ፡ መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኽ በቲ መድሓኒየይ ባህ ይብሎ" (ሉቃስ 1፡46-47)** ክትብል ዘውስኣቶ ቃል ትርጉሙ ብሰፊሑ ኣረዲኦም። ንሳ ወትሩ ናብቲ እንኮ መድሓኒ ኩሉ ዓለም ክትልምነልና እንምሕጸና ኣዴና ቤተ ክርስትያን ካብ ዘመነ ኃዋርያት ጀሚራ ብፍሉይ ከተኽብራ ከምእትነብር ገሊጾም። ብድሕርዚ ብሊቃውንቲ ቤተክርስትያን እንዳተመርሑ ምእመናን እንዳዘመሩን እንዳሸብሸቡን ብሓጎስን ዕልልታን ተሰንዮም ዑደቶም ድሕሪ ምፍጻም ናብቲ ዝተዳለወሎም ኣደራሽ ኣምርሑ። እቲ ናይ ቀዳም መደብ ኣዴታት ቅድስቲ ድንግል ማርያም ቤተክርስትያን ብዘዳለወኦ ምግቢ ድሕሪ ምብላዕ ኪፋነዉ ከለዉ፣ ንሰንበቱ ኸኣ ድሕሪ ጸሎት ብወረቐት ካብ ምእመናን ዝተኣከበ ሕቶን መልስን ሰዓበ፣ ብእንግሊዘኛን ትግርኛን ኣዕጋብን ኣዝዩ መሃርን መልስታት ብብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ተዋሂቡ።

ኣብ መጨረሻ "ያብጽሓነ ዓመ ከመ ዮም ያብጽሓነ እግዚእ። ንዓመታ ከምዚ ሎሚ የብጽሓና ጎይታ" ዝብል መዝሙር ካብ ዓርቢ ክሳብ ሰንበት ዝቐነየ መንፈሳዊ መደባት ብምስጋናን ፍስሓን ተዛዘመ።

ኣብ ኣገልገልትን ምእመናን ዝቐነየ ፍስሃን ሓጎስን ብዝበለጸ ንምዕዛብ ስእላዊ መግለጺ (Pictorial report) ተኸታተሉ። እግዚኣብሔር ብጥዕና ሓልዩ ኣብስጋዊ ናብራና በረኸት ወሲኹ፡ ብመንፈስን ዓብዩናን ደልዲልናን ንዓመታ ብዝበለጸ፡ ኣስተርእዮ ኣዴና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ከነብዕል ፍቓዱ ይኹን።

ወስብሓት ለእግዚኣብሔር!

*ንቅዱስ ሢልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብጥዕናን ሰላምን ይሓልወልና!*

*ንብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ከኣ ኣብዚ ናይ ፈተና እዋን፡ እግዚኣብሔር ኣብ ኣገልግሎቶም ዓወትን ኣሳልጦን ይሃብ።*

*ንቤተክርስትያንናን ሃገርናን ድማ ሰላሙ ይሃብ።*

*ኣገልገልትን ምምሕዳር ሰባኻ ጉባኤን ቅ. ማርያም ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን በይ ኤርያ።*